# ብሩራዊ ኢዮቤልዩ ስርሒት ፈንቅል

ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልስና ካብ ዝተራእዩ ዓበይትን ኣደነቕትን ወተሃደራዊ ዓወታት ሓደ ዝኾነ ስርሒት ፈንቅል፡ ንጸላኢ ዕምሪ ናይ መግዛእቱ ኣብ ኤርትራ ኣብ መወዳእታኡ ከምዝበጽሔ ዘርድኤ፡ ንህዝብና ድማ ጩራ ብርሃን ምሉእ ናጽነት ዘበሰረ ታሪኻዊ ዓወት ኢዩ ኔሩ። ሎሚ ድሕሪ 25 ዓመታት ብሩራዊ ኢዮቤልዩ ናይዚ ድሙቕ ዓወት'ዚ ከነብዕል ከለና ከም ኤርትራውያን መጠን ዝስመዓና ሓጎስን ሓበንን ወሰን ከምዘይብሉ ርዱእ ኢዩ።

ነዚ ውግእ'ዚ ካብቶም ቅድሚኡ ዝተኻየዱ ዓበይቲ ውግኣት ፍሉይ ዝገብሮ ነገር ኣሎ። ንሱ ከኣ ኣብዚ ውግእ'ዚ ህዝባዊ ሰራዊትና ብናይ ገዛእ ርእሱ ዓቕሚ ተባላሒቱ ከቢድ ብረት ዘዋደደለን ፈጣናት ጀላቡ ብምጥቃም ንመጀመርያ ግዜ ብሰራዊት ሓይሊ ባሕሪ ዝተሰነየ ውግእ ከካይድ ምኽኣሉ ኢዩ። እዚ ድማ ነቲ ኣዝዩ ዝተሞከረ ናይ እግረኛን ከቢድ ብረትን (መካናይዝድ) ሰራዊት ኤርትራ ተደራቢ ሓይሊ ብምኳን ኣብ ሓጺር ግዜ ኣንጸባራቒ ዓወት ክፍጽም ኣኽኢልዎ ኢዩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ፍሉይነት'ዚ እታ ናብ ማእከል ባጽዕ እተእቱ ጽርግያ ብባሕሪ ዝተኸበት ሓንቲ ጸባብ ጽርግያ ጥራይ ብምኳና፡ ጸላኢ ነዛ መንገዲ'ዚኣ ከቢድ ብረትን ረሻሻትን ኣሲሩ ክቆጻጸራ ተኽእሎ ስለዝነበሮ ነዚ መስገደል'ዚ ምስጋር'ውን ናይ ብዙሓት ጀጋኑ ተጋደልቲ ቆራጽነትን፡ መስዋእትን፡ መውጋእትን ዝሓተተ ኢዩ ኔሩ።ኣብ ማእከል ባጽዕ ንታሪኽ ተሰቒለን ዘለዋ ታንክታት'ውን ምስክር ናይቶም ነዚ መንገዲ'ዚ ንምኽፋት ዝተሰዉኡ ጀጋኑ ታንከኛታትን ኣጋር ሰራዊትን ኢየን። ነዛ ጽርግያ'ዚኣ ንምስጋር ተሰሊፎም ኣብ ዝነበሩ ሓይልታትን ጋንታታትን ብርክት ዝበላ ሓለፍቲ ደቂ-ኣንስትዮ ምንባረን'ውን ከይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይግብኦ ቅያን ጅግንነትን ደቂ-ኣንስትዮ ሃገርና ዝገልጽ ፍጻሜ ኢዩ።

ድሕሪ ዓወት ስርሒት ፈንቅል እቲ ምሉእ ናጽነት ንምጉንጻፍ ተሪፉ ዝነበረ ጉዕዞ ሓጺር ምንባሩ ንፈታውን ጸላእን ከም ጸሓይ ቀትሪ ብሩህ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፣ ስርዓት ደርግ ዕግርግር ኣትዩዎ ንውሽጣዊ ዘይምርግጋእ ንምግታእ ሓለፍቲ ሰራዊት ምእሳርን ምቕታልን ተታሓሓዞ። እዚ ድማ እቲ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ደርግ ዝወረደ ስዕረትን፡ ዕንወትን፡ ከቢድ ምንባሩ ዘጉልሕ ፍጻሜ ኢዩ ኔሩ።

ህዝብና በዚ ዓወት'ዚ ጸባ ሰትዩ እቲ ንነዊሕ ዓመታት ዝተጸበዮን፡ ዝተቓለሰሉን፡ ዝተሰዋኣሉን ናጽነት ናይ ኣዋርሕ ጉዳይ ምኳኑ ኣዝዩ በርሃሉ፡ ነታ መዓልቲ ድማ ሃንቀው ኢሉ ተጸበያ። ድሕሪ 16 ኣዋርሕ ድማ እታ ንዘልኣለም ንኤርትራ ነጻ ዝገበረት መዓልቲ 24 ግንቦት 1991 ደበኽ በለት።

ሎሚ ነዚ በዓል'ዚ ከነብዕል ከለና ክንርስዖ ዘይብልና ነገር እዚ ረኺብናዮ ዘለና ናጽነት ብኽቢድ መስዋእቲ ዝመጸ ምኳኑ ኢዩ። ሰውኣትና ዝሓቱና ሓንቲ ነገር እንተድኣሃልያ ድማ ሕድሮም ከይረሳዕና ነቲ ዝጀመርዎ ስራሕ ኣብ መዓልቦኡ ብምብጻሕ ማዕርነትን፡ ፍትሕን፡ ሰላምን፡ ዝሰፈና ምዕብልትን ብልጽግትን ኤርትራ ክውንቲ ምግባር ኢዩ። እዚ ስራሕ'ዚ ናይዚ ሕጂ ዘሎ ወለዶ ጥራይ ዘይኮነ ተረካቢ ወለዶ'ውን ዝቕጽሎ ስራሕ ስለዝኾነ ነዚ ሕድሪ'ዚ ምስግጋር ሃገራዊ ግዴታና ኢዩ።

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !